National Institute for Public Health
and the Environment
*Ministry of Health, Welfare and Sport*

# መልከፍቲ ሕማም ቲቢ

## ብዛዕባ ሕክምናዊ ኣፈዋውሳኡ ዝምልከት ሓበሬታ



ወላውን ናይ ሕማም ምልክት ዘይብልኩም እንከለኹም፣ በቲ ዓባይ ሰዓል (ቲቢ) ዘመሓላልፍ ባክተርያ ተለኺፍኩም ክትኮኑ ትኽእሉ ኢኹም። እዚ ድማ መልከፍቲ ሕማም ቲቢ ይበሃል። ተቐላጢፍካ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ምፍዋስ ካብ ድሒሩ ዝምዕብል ሕማም ዓባይ ሰዓል ይከላኸል። እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት እዚ ብዛዕባ ፍወሳ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ክህበኩም እዩ።

## መልከፍቲ ቲቢ እንታይ ማለት እዩ፧

ሕማም ቲቢ ከይህልወኩም ናይ ምጽራይ መርመራ ተገይርልኩም ኣሎ። መርመራ ናይ ቆርበት ወይ ደም ፣ ወይ ድማ ክልቲኡ መርመራታት ተገይርልኩም ነይሩ። ውጽኢት ናይቲ መርመራ ኣወንታዊ ነይሩ። እዚ ማለት ድማ ኣብ ኣካላትኩም ባክተርያ ናይ ቲቢ ኣለኩም ማለት እዩ። እቲ ራጂ ናይ ኣፍልቢ ዝተገብረልኩም፣ ዝኾነ ዓይነት ዘይንቡር ምልክት ኣየርኣየን። እቶም ኣብ ኣካላትኩም ዘለዉ ባክተርያ ዘይንጡፋት ዝደቀሱ እዮም። ዝኾነ ምልክት ሕማም የብልኩምን። ዓባይ ሰዓል የብልኩምን። ንኻልኦት ሰባት ውን ሕማም ከተመሓላልፉ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ዝኾነ ሕማም ቲቢ እዩ ዘለኩም። እቲ ኣብ ኣካላትኩም ዘሎ ናይ ዓባይ ሰዓል ባክተርያ ናብ ካልኦት ሰባት ኣይመሓላለፍን እዩ። ዋላእውን ብምህንጣስ፣ ብምስዓል፣ ብሰላምታ ኢድ፣ ይኹን ብምስዕዓም ክመሓላለፍ ኣይክእልን እዩ።

መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ግዜ ወሲዱ ዳሕራይ እዋን ንጡፍ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብድሕሪኡ ድማ ከምዝሓመምኩም ይስመዓኩም። ገለ 10% ካብቶም መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ዘለዎም ሰባት ጸኒሖም ንጡፍ ዓባይ ሰዓል ከማዕብሉ ይኽእሉ። ፍርቂ ካብኣቶም ድማ ካብቲ ዝተለኽፍሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ንጡፍ ሕማም ዓባይ ሰዓል የማዕቡሉ። ኣካላትኩም ብኻልኦት ሕማማት ከም ሕማም ኤይድስ ዝተዳኸምኩም ወይ ዝወሰድኩሞ መድሃኒት ፣ ንተጻዋርነት ኣካላትኩም ብዘዳኸሙ ንጥዕናኹም ተጋላጺ ዝገብር ጸገም ኣለኩም ድዩ፧ ከምኡ እንተኾይኑ፣ ኣብ ሓደጋ ተቓላዕነት ናይ ምምዕባል ዓባይ ሰዓል ኣለኹም ማለት እዩ።

> ናይ መንሽሮ መድሃኒት፣ ወይ መድሃኒት ሕማም ቆርበት ምውሳድ ነቲ ዘለኩም ናይ ተጻዋርነት ዓቕሚ ከዳኽሞ ይኽእል እዩ። ስለዚ መልከፍቲ ዓባይ ሰዓል ከምዘለኩም ኩሉግዜ ነቲ ሓኪም ናይ ስድራ ቤትኩም ወይ ፍሉይ ክኢላ ሓኪምኩም ክትነግርዎ ኣለኩም።

## ኣፈዋውሳ መልከፍቲ ሕማም ቲቢ

እቲ ዝግበር ሕክምናዊ ፍወሳ እንታይ ውጽኢት የማዕብል?
ሕክምናዊ ፍወሳ ጸኒሑ ንጡፍ ሕማም ዓባይ ሰዓል ከይሕዘኩም ይከላኸለልኩም። እቲ መድሃኒት ነቲ ዘይንጡፍ ባክተርያ ናይ ቲቢ ይቐትሎ። ሽዑ እቲ ሕማም ቲቢ ናይ ምምዕባል ኣብ ዳሕራይ ግዜ ድማ እቲ ተቓላዕነት ናይ ሕማም ኣዝዩ ዝተሓተ ይኾነልኩም።

እንታይ ዓይነት መድሃኒት እየ ዝወሃብ?
ኣየናይ ዓይነት መድሃኒት ከም እትወሃቡ፣ ከመይ ጌርኩም፣ ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ከም እትወስድዎ፣ ሓኪምኩም ክነግረኩም እዩ። እቶም ኣዝዮም ልሙዳት መድሃኒታት ኢሶኒያዚድ (isoniazid) ከምኡውን ሪፋምፒሲን (rifampicin) ዝተባህሉ መድሃኒታት እዮም። ዝበዝሕ ግዜ ብሓደ ከኒና ተወሃሂዶም ሪፊንህ (Rifinah) ተባሂሎም እዮም ዝዳለዉ።



ነቲ ዝተዋህበኒ መድሃኒት ኣብ ከክንደይ ግዜ ክወስዶ ኣለኒ?
ነቲ መድሃኒት ኣብ መዓልቲ ሓንሳብ ክትወስድዎ ኣለኩም። ነቲ መድሃኒት ኩሉ መዓልቲ ኣብ ተመሳሳሊ ግዜ ውሰድዎ። ፣ እዚ ኣብ ግዜ ንግሆ ወይ ምሸት ክኸውን ይኽእል።



እቲ መድሃኒት ንኽንደይ ዝኣክል ግዜ ክወስዶ ኣለኒ?
እቲ ሕክምናዊ ፍወሳ እንተወሓደ  ሰለስተ ኣዋርሕ ይወስድ። ንሱ ድማ ናብቲ ዝወሃበኩም ዓይነት መድሃኒት ዝተመርኮሰ ይኸውን። ክሳዕ እቲ ዝተኣዘዘልኩም ግዜ ዝውዳእ ነቲ መድሃኒት ብዘይ ምቁራጽ ብቐጻሊ ክትወስድዎ ኣገዳሲ እዩ። እቶም ባክተርያ ቀልጢፎም ኣይሞቱን እዮም። በዚ ምኽንያት እዚ ድማ እዩ ነቲ መድሃኒት ንዝተናውሐ ግዜ ክትወስድዎ ዝግበኣኩም።

ነቲ መድሃኒት ብስሩዕ እንተዘይወሲድኩሞ፣ ወይ ገለ ግዜ ምውሳድ እንተረሲዕኩም፣ እቲ እትወስድዎ መድሃኒት ኣይክሰርሕን እዩ። እቲ ባክተርያ እውን ኣይክመውትን እዩ። ስለዚ ክሳዕ እቲ ምሉእ ግዜ ሕክምና ዝውዳእ ኩሉ ግዜ ኣብ ተመሳሳሊ ሰዓት መድሃኒት ብስሩዕ ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ።

መድሃኒት ምውሳድ ምስ ዝርስዕ እንታይ ክገብር ይግበኣኒ?
ኣብታ መዓልቲጸኒሕኩም  ውሰዱ። ክሳዕ እቲ ዝቕጽል መዓልቲ እንተዘይዘኪርኩሞ፣ ዕጽፊ መጠን መድሃኒት ኣይትውሰዱ፣ እንተኾነ ግን ኣብቲ ዝቕጽል ቆጸራ ምስ ሓኪምኩም ምስ ተራኺብኩም ከምዝረሳዕኩም ግለጽሉ።



ኣብቲ እዋን ፍወሳ ከም ቀደመይ ክበልዕ እኽእል ድየ?
እወ፣ ዝደለኽሞ ክትበልዑ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ እዋን ሕክምናዊ ፍወሳ ግን ምስቲ መድሃኒት ተወሃሂዱ ጸገም ሕማም ጸላም ከብዲ ከኸትል ስለዝኽእል ዝኾነ ዓይነት ኣልኮላዊ መስተ ኣይትውሰዱ።

**ኣብቲ እዋን ፍወሳ ዝኾነ ካልእ መድሃኒት ከም ቀደመይ ክወስድ እኽእል ድየ?**
ኩሉ ግዜ እንታይ ዓይነት ካልእ መድሃኒት ከም እትወስዱ ነቲ ዝከታተለኩም ሓኪምኩም ንገርዎ። ንኣብነት ዝኾነ እትወስድኦም መከላኸሊ ጥንሲ (ከም በዓል ከኒና) ዓይነቶም ሓብሩ። እቲ መድሃኒት ነቲ ከኒና መከላኸሊ ጥንሲ ኣድማዕነቱ ክንክዮ ይኽእል እዩ። ስለዚ ድማ ክትጠንሳ ትኽእላ ኢኽን። ክትጠንሳ ምስ ዘይትደልያ፣ ኮንዶም፣ ብመርፍእ ዝውጋእ መከላኸሊ ጥንሲ፣ ናይ ውሽጢ ማህጸን መዕጸዊ (ዕጽፍጻፍ ኣብ ርሕሚ ዝኣቱ) ነገር ክትጥቀማ ትኽእላ ኢኽን።

**እቲ መከላኸሊ መድሃኒት ጎድናዊ ሳዕቤን ኣለዎዶ?**
እቲ መድሃኒት ጎድናዊ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል እዩ። ሸንትኽን፣ ቀልቀልክን፣ ርሃጽክን፣ ንብዓትክን፣ ናይ ብጫ ቀይሕ ሕብሪ ክህልዎ ይኽእል። ኣብ ነፍሲወከፍ ናይ ምርግጋጽ መርመራ፣ እቲ ሓኪም ወይ ናይ ምክልኻል ሕማም ዓባይ ሰዓል  ሓኪም ጥዕና ጎድናዊ ሳዕቤናት ከየጋጥመክን ክሓተክን እዩ።

መድሃኒት ቲቢ ሰዓል ሓደ ሓደ ግዜ ኣዝዩ ብርቱዕ ጎድናዊ ሳዕቤን ከኸትል ይኽእል እዩ።
ገለ ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት ኣጋጢምሙኹም ይፈልጡዶ፦

- ዕንፍሩራት ቆርበት
- ዕግርግር ምባል
- ቃንዛ ከስዐ
- ጃውንዲስ (እቲ ጻዕዳ ክፋል ውሽጣዊ ዓይንኹም ብጫ ሕብሪ ክቕየር ከሎ)

ነቲ መድሃኒት ኣቋሪጽኩም ብህጹጽ ምስ ሓኪምኩም ወይ ምስቲ ኣብ ክፍሊ ሕክምና ጂ.ጂ.ዲ ናይ ምምሕዳር ከተማ ኣገልግሎት ወሃብቲ ጥዕና (GGD) ቲቢ ዝርከብ ተሓጋጋዚ ኣላይ ሕሙማት ተራኸቡ። ከምኡውን እንተተጠራጢርኩም ወይ ካልኦት ምልክታት ሕማም እንተተራእዩኹምን ቀልጢፍኩም ምስኦም ተራኸቡ።

**መድሃኒት ክትወስዱ ዘይትኽእሉ ወይ ዘይትደልዩ ምስ እትኾኑ**
ዝኾነ ምኽንያት (ሕክምናዊ ይኹን ካልእ) ንዓኹም መድሃኒት ንኽትወስዱ ዘየኽእለኩም፣ እቲ ሓኪም ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ምሳኹም ክዘራረብ እዩ። ኣብ ነፍስወከፍ ሽዱሽተ ወርሒ ናይተን ዝስዕባ ክልተ ዓመታት፣ ናይ ኣፍልቢ ራጂ ክትገብሩ ኢኹም። እቲ ሓኪም ድማ ሕማም ቲቢ ኣማዕቢልኩም ከይትኾኑ በዚ ክግምግመኩም እዩ። ራጂ ናይ ኣፍልቢ ንኽትገብሩ ድማ ቆጸራ ክወሃበኩም እዩ።

ሕክምና ምስ ዘይትገብሩ፣ ኣብ ዝለዓል ናይ ሕማም ቲቢ ምምዕባል ሓደጋ ኣለኹም ማለት እዩ። እቲ ዝግበርልኩም ራጅታት ነቲ ባክተርያ ኣይቀትልዎን እዮም።

## በቲ ናትኹም ሓበሬታ እንታይ ክንገብር ንኽእል?

እቲ ክፍሊ ሕክምና ዓባይ ሰዓል (GGD)፡ ነቲ ኣብ ሕክምናዊ ውልቃዊ ፋይልኩም ተዓቂቡ ዝርከብ ሓበሬታ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት እዩ ዝሕዞ።

## ዝኾኑ ሕቶታት፡ ዘይተነጸሩ ነገራት፡ ጥርዓናት፡ ወይ መመላእታታት ኣለዉኹምዶ?

- ብኽብረትኩም ምስ ኽፍሊ ምክልኻል ቲቢ ናይ GGD ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ተራኸቡ። ናይቲ መራኸቢ ዝርዝራት ድማ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑጣ መርበብ ሓበሬታ www.ggd.nl፡ ከምኡውን ኣብቲ ናይ ክታበት ዕድመ ክትረኽብዎ ትኽእሉ።
- ብዛዕባ ሕማም ቲቢ ዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኣብዚ ዝስዕብ ነቑታ መርበብ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ፦ www.rivm.nl/tuberculose።

This information is available in English at:
Xogtaan oo Soomaali ah waxaa laga heli karaa:
Te informacje można znaleźć w języku polskim na stronie:
ብቛንቋ ትግርኛ ዝተተርጎመ መልክዕ ናይ'ዚ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ገጽ ክርከብ ይኽእል፦
هذه المعلومات متاحة باللغة العربية في هذا الموضع:
این معلومات به زبان دری در اینجا قابل دسترس است:

www.rivm.nl/en/tuberculosis/information-materials

Published by:

**National Institute for Public Health and the Environment, RIVM**
PO Box 1 | 3720 BA Bilthoven
The Netherlands
www.rivm.nl/en

September 2022

Committed to *health and sustainability*

014298